ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ
ፈጻሚ ሽማግለ

الحزب الديمقراطي الإرتري
اللجنة التنفيذية

29.05.07

## መብርሂን ሓበሬታን

## ካብ ፈጻሚ ሽማግለ ሰዲኤ

ኣብዚ እዋንዚ፣ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ብዝነበሩ ሰባት፣ ስም ሰዲኤን ማእከላይ ባይቶን ብምጥቃም፣ ኣብ ውሽጢ ኣባላት ሰልፊን ወጻኢን፣ ኣንጻር ሰዲኤን ውሽጣዊ ሓድነቱን ዝቐንዐ፣ ጽውቕ ጎስጓስን ዘመተን ይካየድ ምህላዉ ንኩሉ ዝከታተል ሰብ ብሩህ ኰይኑ ኣሎ።

ሰዲኤ፣ ምስ ካልኦት ኤርትራውያን ውድባት ዝፈላሊን ዘቀራርብን ጉዳያት ድሕሪ ምልላይ፣ ነቶም ዝፈላልዩ ንምጽባቦምን ምፍትሖምን ኪቃለስ፣ በቶም ምስ ካልኦት ተመሳሳሊ ኣረኣእያን መርገጺን ዘለዎ ድማ፣ ኣብ ጽላል ዝተሓተ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ሓባራዊ ሃገራዊ ራእይን ሓቢሩ ክሰርሕ፣ ብኡ ጌሩ፣ ምእንቲ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ተቓወምቲ ውድባት ሓቀኛ ናይ ሓባር ባይታን መድረኽን ክፍጠር፣ ካብኡ ዝሕተት ዘበለ ከበርክት ምዃኑ፣ ኣብ መስራቲ ጉባኤኡ ወሲኑ። ካብዚ እምነት ብምብጋስ፣ ኣብ መወዳእታ 2004 ጀሚሩ፣ መጀመርታ 2005 ዝተቓንዐ ርክባትን ዘተን ኤርትራውያን ውድባት ዕዉት ኰይኑ ንክወጽእ ንጡፍ ተራ ተጻዊቱ። ሓደ ካብ መስረቲ ኣባላት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ኰይኑን፣ ኣብ ሓጋጊን ፈጻሚን ኣካላቱ ተውኪሉን። ኣብቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተጋብአ ካልኣይ ጉባኤኡ፣ ኣወንታዊን ኣሉታዊን ጎንታት ኪዳን ድሕሪ ምግምጋም፣ ሰዲኤ፣ ኣብ ውሽጢ ኤዲኪ ኰይኑ፣ ኩሉ ዕድላት ክሳብ ዝጽንቀቕ፣ ቃልሱ ምቕጻል'ምበር ካልእ ምርጫ ከም ዘይብሉ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።

ደድሕሪ ካልኣይ ጉባኤ ሰዲኤ፣ ሕቶ ካልኣይ ጉባኤ ኤዲኪን ዝካየደሉ ቦታን ተቐልቂሉ። ንርዱእ ምኽንያታት፣ 2ይ ጉባኤ ኤዲኪ ኣብ ሱዳን ኪግበር ስለ ዘይተኻእለ፣ ከም ኣማራጺ፣ ኣብ ኢትዮጵያ ኪግበር ተወሲኑ። ሓቅነቱን ሕጋዊነቱን ንጎኒ ጸኒሑ፣ ፍሉይ ተመክሮ ዝምድና ሰዲኤን መንግስቲ ኢትዮጵያን ኣብ ግምት ብምእታው ክርአ

ከሎ፣ ልኡኻቱ ሰዲዱ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝግበር ጉባኤ ክሳተፍ፣ ኣሰካፊ ነይሩ። ነቲ ኣብ መስራቲ ጉባኤ ዝሓለፈ፣ ምስ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት ብሓፈሻ፣ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ድማ ብፍላይ፣ ዝምድናታትናን ርክባትናን ምምሕያሽን ምምዕባልን ዝብል ውሳነ ምርኩስ ብምግባር፣ ዘሰክፍ ኣይኹን'ምበር፣ ኣብ ጉባኤ ናይቲ ንሱ ሓደ ካብ መስረቲ ኣባላቱ ዝኾነ ኤዲኪ ምስታፍ፣ ምስ ሕቶ ምስረታን ምምሕያሽን ዝምድናታት ሰዲኤን መንግስቲ ኢትዮጵያን ዘተኣሳስር ጉዳይ ከም ዘይነበሮ'ውን ኣይሰሓቶን። ሰዲኤ፣ መሬት ኢትዮጵያ ንከይረግጽ ዘሕለፎ ውሳነን ዝኣተዎ መብዕጽዓን ስለ ዘይነበሮ። ምስ'ዚ ኩሉ ሓቂታት'ዚ ግን፣ እቲ ጉዳይ ኣብ ኣኼባታት ፈጻሚ ሽማግለ ወሪዱ ተዘትዩሉን፣ ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ውሳነ ሓሊፉሉን። ቀጺሉ'ውን፣ ንምጽዳቑ ወይ ምስራዙ፣ ናብ ማእከላይ ባይቶ ቀሪቡ። ማእከላይ ባይቶ፣ ሰዲኤ ልኡኹ ሰዲዱ ኣብ ጉባኤ ኤዲኪ ክሳተፍ፣ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ወሲኑ። እዚ፣ ኣዝዩ ሓፈሻዊ ስእሊ ንመስርሕ ተሳታፍነት ሰዲኤ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ኤዲኪ ዝምልከት ኢዩ።

ኣብ ግዜ እቲ ጉዳይ ኣብ ኣኼባታት ፈጻሚ ሽማግለን ማእከላይ ባይቶን ይዝተየሉ ዝነብረ ይኹን፣ ተዘትዩሉ ውሳነ ምስ ሓለፈሉ፣ በዞም ሰዲኤ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝግበር ካልኣይ ጉባኤ ኤዲኪ ክሳተፍ የብሉን ዝብል መርገጺ ዝነበሮም ኣባላት ፈጻሚ ሽማግለን ማእከላይ ባይቶን፣ ካብ ቅዋማዊ ሕጊን ውሽጣዊ ኣሰራርሓን ሰዲኤ ወጺኦም፣ ብመጀመርታ ኣብ ውሽጢ ኣባላት ሰዲኤ፣ ቀጺሎም'ውን ኣብ ቃልዕ ብምውጻእ፣ ኣንጻር ሰዲኤን ውሳነ መርሕነቱን ናይ ጸለመ ዘመተ ብጻዕቂ ኣካይዶም። ኣሎና ዝብሉዎ ጉዳይ ኣብ ግቡእ ቦትኡን ግዜኡን ከልዕሉዎ፣ ክከላኸሉሉን፣ ከጎሳጉሱሉን ዘለዎም መሰል ዘይሕከኽ ስለ ዝኾነ ትዕግስቲ ጌሮም ክጽበዩ፤ ልዕሊ ኩሉ ግን ነቲ "ድምጺ ብዙሓት ኣብ ልዕሊ ውሑዳት ይዕወት (ይዕብልል)" ዝብል መባእታዊ ዲሞክራሲያዊ መትከል ከኽብሩን፣ ብቅዋምን ሕጊን ሰዲኤ ኪቕየዱን ንዝቐረበሎም ለበዋን ምሕጽንታን ክንዲ ምቕባል፣ ጸማም እዝኒ ሂበሞን፣ ናይ ጸለመ ዘመተኦም ቀጺለሞን። ደምበ ኤርትራዊ ተቓውሞ ብሓፈሻ፣ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ድማ ብፍላይ፣ ውሽጣዊ ምግምማዕ ክጻወር ስለ ዘይክእል፣ ብጉጅለስ ይትረፍ፣ ዋላ ሓደ ኣባል'ውን ኪጎድልን ኪፍለን ስለ ዘይብሉን፣ ሰዲኤ፣ ናብ ኣዲስ ኣበባ ልኡኹ ሰዲዱ ንምስታፍ ብሓባራዊ ውሳነ (ብconsensus) ኪኸውን እቶም ንተሳትፎ ሰዲኤ ዘድመጹ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ዳግመ ግምት ኪገብሩሉ ምሕጽንታ ቀሪቡ። ዓብላሊ ቁጽሪ ማእከላይ ባይቶ ነቲ ጻውዒት ኣይተቐበሎን። ቅዋማዊ መሰሉን ግቡኡን ስለ ዝኾነ፣ ንውሳነ ማእከላይ ባይቶ ምትግባር'ምበር ካልእ ኣማራጺ ስለ ዘይነበረ፣ ተተግቢሩ። ሰዲኤ ልኡኹ ሰዲዱ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ኤዲኪ ተሳቲፉ። ናይ ጸለመ ዘመተ ናይቶም ኣብ ጉባኤ ኤዲኪ ምስታፍ ዝቃወሙ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ኣየቋረጸን። እኳ ድኣ፣ ሓደሽቲ ጭርሖታትን ጠለባትን ወሲኾም፣ ኣናሂረሞ። ተቓወምቲ ተሳትፎ ሰዲኤ ኣብ ጉባኤ ኤዲኪ፡-

1. ነቲ፣ ውሑዳት ንብዙሓት ይምእዘዙ፣ ምጽዋርን ምኽባርን ዝተፈለ ሓሳባትን ርእይቶታትን፣ ሓለፍትን ተራን ብሕጊታት ሰልፊ ተመሪሖም ይሰርሑ፣ ... ወዘተ ዝብል ዲሞክራሲያዊ መትከላት ሰዲኤ ጥሒሶም።
2. ፋሉልነትን ሕጊ ኣልቦነትን ኣብ ሰልፊ ዲሞክራሲ ንክነግስ ዘተባብዕ ፣ ንመርሕነታዊ ውሳነታት ዝዓለመን ኣንጻር ውሳነታት ጉባኤታት ሰዲኤ ዝኾነን፣ ተሳታፍነት ሰዲኤ ኣብ ጉባኤ ኤዲኪ ናብ መሰረታት ወሪዱ ኪውሰን (ሪፈረንዱም ኪግበረሉ) ኣለዎ ኢሎምን ብዝከኣሎም ሰሪሖሙሉን።
3. ሓባራዊ ናይ መርሕነት ውሳነ ዝኾነ፣ ቅጥዒ ኣቀራርባ ጉዳያት ኣብ ታሕተዎት ኣካላት ሰልፊ ጥሒሶም፣ ኣብ ኣኼባታት መርሕነታት ንዝተላዕለን ዝተፈላለየ

ርእይቶታት ዝተመዝገበሉን፣ ኣብ መወዳእታ ግን፣ ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ መፅ ለቢ ንዝተገብረሉ ጉዳይ፣ ናብ ተራ ኣባላት ብምውራድ፣ ኣንጻር ውሳነ መርሕነት ናዕቢ ከልዕሉ ኣብ ኣባላት (ኣብ ኣኼባታትን በብውልቀን) ኣጎሳጊሶሙሉ።

4. ንጹር ንዘኾነ ውሳነ መስራቲ ጉባኤ ሰዲኤ ብዛዕባ ምፍጣርን ምሕያልን ዝምድናታት ምስ ጎረባብቲ ሃገራት፣ ኣውራ ድማ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ንድሌቶም ብዘንጸባርቕ ኣገባብን ትሕዝቶን ብምትርጓምን፣ ናብ ኣባላት ሰልፊን ህዝቢን ብምጉስጓስን፣ ንውሳነን መርግጺን ሰዲኤ ኣዘንቢዖሞ (distort ጌሮሞ)።
5. ገለ ካብኦም፣ ኣባላት ሰዲኤ ከም ዘይኮኑ ኣብ ቃልዕ (public) ገሊጾም።
6. ብሞራል ይኹን ብሕጊ፣ ቅቡልን ፍቑድን ዘይኮነ ምጉጅጻል ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ፈጢሮም።
7. ቅድሚ ዝኾነ ኣብ ውሽጢ ኣኼባታት መርሕነት፣ ብውልቀ ይኹን ብጉጅለ ፈተነ ምግባር፣ ከም ኣባል መርሕነት ኣብ ትርከበሉ ጽፍሒ ብምውራድ፣ ክዝተየሉን ክተጎሳጉሰሉን ዝግባእ ጉዳይ፣ ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ናብ ተራ ኣባላት ብምውራድ ደገፍ ንምርካብ ዝዓለመ "ህጹጽ" ጉባኤ ዝጠልብ "ጻውዒት"፣ ኣስማቶም ምስ ናይ ተራ ኣባላት ብምስፉር ዘርጊሖም።

ኣብ ላዕሊ ብጽሚቕ ተጠቒሱ ዘሎ፣ ገለ ካብቲ በቶም ንተሳትፎ ሰዲኤ ኣብ ጉባኤ ኤዲኪ ንቃወም ኢና ዝብሉ ዝተፈጸመ መሰረታዊ ግህሰታት ዲሞክራሲያዊን ሕጋዊን ኣገባባት ኢዩ። ብወገን ማእከላይ ባይቶ ሰዲኤ፣ ነዚ ኩሉ ግህሰታት'ዚ ብቃልዕ መልሲ ካብ ምሃብን ኣብ ቆይቂ ምእታውን ተቖጢቡ፣ ንዘጋጠመ ፍልልይ ብኣገባብ ፍታሕ ክረኽበሉ ብዙሕ ፈቲኑ። ድሌትን ፈተነን ማእከላይ ባይቶ ግን፣ ምስ ናይ ጸለመ ዘመተ ናይዞም ተቓወምቲ ተሳትፎ ሰዲኤ ኣብ ጉባኤ ኪዳን እናተራጸመ ዕላምኡ ኪወቅዕ ኣይከኣለን።

ንኩሉ ትዕግስቲን ተጻውሮን ደረት ስለ ዘለዎን፣ ሓድነት፣ ዲሞክራሲያዊ መትከላትን ውሽጣዊ ዲሲፕሊንን ሰልፊ ምዕቃብን ምኽባርን መተካእታ ስለ ዘይብሉን፣ ማእከላይ ባይቶ ሰዲኤ፣ ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ኮይኖምን፣ ሓድነት ሰልፊ ከም ጭርሖ ተጎልቢቦምን፣ ንምዝራግ ሓድነቱ ዝተበገሱ፣ ሓደ ኣባል ፈጻሚ ሽማግለን ሰለስተ ኣባላት ባይቶን ዝርከቡዎም፣ ማለት፡-

1. ሙሴ ኤፍሬም ኣባል ማእከላይ ባይቶ፣
2. ተስፋይ ብርሃነ፣ ኣባል ማእከላይ ባይቶ፣
3. ሰመረ ከሰተ፣ ኣባል ፈጻሚ ሽማግለ፣
4. ገብረኤል ሓጎስ፣ ኣባል ማእከላይ ባይቶ፣

ኣብ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ዝነበሮም ሓላፍነት ሰሪዙ፣ ካብ ኣባልነት ሰዲኤ ወጊዱዎም።

ፈጻሚ ሽማግለ፣
ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ።